**ፕረሲደንት ሃገረ ሶማል መሓመድ ዓብዱላ (ፎርማጆ) ንልዕላውነት ሃገሩ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ**

**ምስጢራዊ ስምምዕ ብምግባሩ ኣባላት ባይቶ እታ ሃገር ካብ ስልጣኑ ክእለ ጸዊዖም**

ፕረሲደንት ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሶማሊያ፡ መሓመድ ዓብዱላ (ፎርማጆ) ሕግን ስርዓትን ጥሒሱ፡ ምስ መንግስታት ኤርትራ ኢትዮጵያን ካልኦትን ኣብ ኣጠቓቕማ ወደባትን ጸጥታን ንኽብርን መሰልን ሶማሊያ ዘይሕሉ ምስጢራዊ ስምምዓት ብምግባሩ፡ 275 ብዝሒ ካብ ዘለዎ ሃገራዊ ባይቶ ሶማል፡ 92 ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ካብ ስልጣኑ ክእለ፡ ናይ ዘይምኽሳስ መሰሉ ክለዓል ዝጠልብ ደብዳቤ ናብ ኣፈ-ባይቶ ከም ዘቕረቡ ረድዮ ጀርመን መደብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ናይ 10 ታሕሳስ 2018 ፈነወኣ ሓቢራ።

እቲ ብ9 ታሕሳስ 2018 ዝቐረበ ክሲ፡ ፕረሲደንት ፎርማጆ ቅዋም ካብ ዝፈቕደሉ ስልጣን ወጻኢ፡ ብዝገበሮ ምስጢራዊ ስምምዕ ኣብ'ታ ሃገር ሓያል ስምዒት ኣለዓዒሉ ከም ዘሎ፡ ነቲ ናይ ክሲ ደብዳቤ ዝተቐበለ ኣፈ ባይቶ እታ ሃገር ድማ ኣብ ዝቕጽል ሰሙን ብወግዒ ናብ ኣባላት ባይቶ ከቕርቦ ምኳኑ ምግላጹን ክፈለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ህዝቢ ተሓቢኡ ብዘይ ዝኾነ ወግዓውን ሕጋውን መሰነይታ ብዋጋ ልኡላውነትን ህዝብን  ሃገርን ብዝገብሮ ዘሎ ስውር ስምምዓት፡  ሓቀኛ ህዝባውን ሃገራውን ስምዒት ኣብ ዘለዎም ኤርትራውያን ከቢድ ስኽፍታ ፈጢሩ ምህላው ዝፍለጥ'ዩ።

**ብ9 ታሕሳስ 2018 ኣብ ዞባ ምብራቕ ሱዳን ዘጋጠመ ምውዳቕ ሄሊኮፕተር፡**

**ኮነ ኢልካ ዝተፈጸመ ደጋዊ ኢድ ኣለዎ ዝብል ኣብ ሱዳናውያን የዛርብ ኣሎ።**

ኣብ ዞባ ገዳርፍ ሱዳን ብ9 ታሕሳስ 2018 ብዘጋጠመ ምውዳቕ ሄሊኮፕተር ሚኒስተር ሕርሻ፣ ኣመሓዳርን ኣዘዚ ፖሊስን ናይቲ ዞባን ዝርከብዎም 5 ሰበ ስልጣናት ከምዝሞቱ፡ ከመይ ከጋጥም ክኢሉ ትካል ጸጥታ ሱዳን ኣብ'ቲ ጉዳይ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ሞያተኛታት ሓዊሶም ደቂቕ መጽናዕቲ የካይዱ ከም ዘለው፡ ይኹን ግን ናይ ደገ ኢድ ዘለዎ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ'ዩ ዝብል ሰፊሕ መዛረቢ ዛዕባ ኮይኑ ከም ዘሎን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ብፍላይ ኣማሓዳሪ ናይ'ቲ ዞባን ኣዛዚ ፖሊስን  ናይ'ቲ ዞባን ብዙሓት ዝተናኾልዎም ወገናት ከም ዘለው ስለ ዝፍለጥ፡ ካብ ተክኒካዊ ጉድለት ዝተፈጥረ ተራ ሓደጋ ኣይኮነን፡ ናይ ደገ ኢድ ኣለዎ ዝብል ሚዛን ዝደፍአ መዛረቢ ዛዕባ ምኳኑን ወሲኾም ሓቢሮም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 10-12-2018